ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ኣብ 2011 በጀት ዓመት 2ይ ዙር ዕደጋ ዝ/ዩ ሃለቅትን ቀወምትን ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ኣቅሑት ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ፤ በዚ መሰረት ተወዳደርቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቋሒ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 15, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 29, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 30, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 በቲ ዘርፊ ናይዚ ዘመን ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድን ቅዳሕ ከቅርብ ዝኽእል፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ / Tin/ ን VAT ንሰርቲፊኬት ናይ የካቲት2011ዓ/ም ዲክለር ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእል፤

3 ኣብ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር ዋናን ኮፒን ከቅርብ ዝኽእል፤

4 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ እቲ ንብረት ብፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝክእል፤

6 ናይ መወዳደሪ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይቲ ትካል ሽምን ማህተምን ፊርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ።

7 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 100.00 ብር እናፈልኩም ካብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ዳይሬክተራት ዕ/ፋይ/ን/ምም/ር /ንብረትን 2-19 ወይ 2-01 ካብ 14/08/2011ዓ/ም ክሳብ 29/08/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜያት ኣብ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይኽእል።

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ መኽበሪ ንነብሲ ወከፍ ሰነድ ጨረታ 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ) ብሽም ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ብሲፒኦ ወይድማ ብጥረገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታው ይከኣል፤

9 እቲ ጨረታ 29/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ሰዓት 9:00 ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ዳይሬክተራት ዕ/ፋይ/ን/ምም/ር /ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 219 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት::

10 ቢሮና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

11 እቲ ጨረታ ምስተኽፈተ ቢሮና ናይቲ ዝውገድ ንብረት 20% ናይ ምውሳኽ ወይ ናይ ምቅናስ መሰል ኣለዎ።

12 ሰዓራይ ናይቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ጠቅላላ ዋጋ ናብ ባንኪ ኣተዊ ምስገበሩ ንብረት ይወስድዎ፤

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-4105291/0344-415152 / ናይ ውሽጢ መስመር ስልኪ 227 ወይ 265 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle